# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ

# ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ

# ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

VIII



ሰለሙን በርሀ

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብኣጋጣሚ 13 ሚያዝያ ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ (ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን) ከምኡ'ውን መበል 29 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ (23-25 ሚያዝያ) ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ እቲ ጽላሉ ዝኾነ ባይቶ ጸጥታ ስለዝጠለሞ፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኩነታት ስርሑ የሰላስል ምንባሩ፡ ምስ ኩሉ'ቲ ካብ ሕጋዊ ሓዲድ ከንደልህጽ ዝተገብረሉ ጸቕጢን ልምሰት ባይቶ ጸጥታን ግን፡ እቲ ኮምሽን ኣብ ሕዳር 2007 ብማንዛዊ ኣገባብ፡ ነቲ ዶብ ብምምልካት ስርሑ ብዓወት ከምዝዛዘመ ተመልኪትና። “ክቐትሉኻ ክብሉ ይቐልቱኻ” ከምዝበሃል ከኣ፡ ኮምሽን ዶብ፡ ነቲ ዘጋጠሞ ዕንቅፋት ንምስጋር ብዘርኣዮ ጻዕርን ምብልሓትን፡ ኣብ መወዳእታ፡ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለምና ካብ ዝርከብ ዶባት፡ እቲ ኣዝዩ ዝነጸረ፡ ደቂቕ ዝርዝራትን ሕጋዊ መወከሲ ሰነዳትን ዘለዎ ዶብ ክኸውን ከምዝበቕዐ ርኢና። ዘመተ ምስይጣን ኣብ 1998 ወያነ ኣብ ልዕሊ'ቲ በዓል ጽቡቑ ዝኾነ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ወራር ክፍጽም እንከሎ ዝነበረ ድርኺት ኣመሪካ፡ ኣብቲ

ናይ ኵናት እዋን ኣመሪካ ብቐጥታን ብመገዲ ወኪላታን ነቲ ጭፍራ ዘበርከተትሉ ገዚፍ ወተሃደራዊን ቁጠባዊን ሓገዛት ጭብጥታቱ ስኑድ ታሪኽ'ዩ።

ወያነ ግን ምስ ኩሉ'ቲ ዝተገብረሉ ምትብባዕን ድጎማን፡ ዲኖ ስዕረት'ዩ ተጎልቢቡ። ኣብ ሕጋዊ መጋብኣያ ምስ ቀረበ ድማ፡ ብሕጊ ተረቲዑ ካልኣይ ስዕረት ጎሲሙ። ወያነ ዝጎሰሞ ክልተ ስዕረት ግን ንደገፍቱ ክውሓጠሎም ኣይከኣለን። ኣመሪካን መሻርኽታን ብድሕሪ'ዚ ዝሓዝዎ ሕጋዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምጽዓድ ስትራተጂ፡ ንኤርትራ ብቑጠባ ኣዳኺምካ፡ ህዝባ ብምጭናቕን ንመንግስቲ ኤርትራን መራሒኡን ብምስይጣንን ኣብ ኤርትራ ናይ ስርዓት ለውጢ ምምጻእ፡ በዚ መገዲ'ዚ ከኣ፡ ነቲ ኣብ ጉዳይ ዶብ ክፍጸም ዝተሓሰበ ዓሎቕ ምውሓስ'ዩ። እቲ፡ ሓንሳብ ብምግሃስ መሰል ሃይማኖታትን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ሓንሳብ ብምዝራግ ዞባዊ ሰላም፡ ሓንሳብ ብምድጋፍ ግብረሽበራን ዕጡቓት ተቓወምቲን፡ ኣንጻር ኤርትራን መንግስታን ንነዊሕ ዓመታት ኪካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ዘየቋርጽ ኣጸላሚ ዘመተታት እምበኣር፡ ተሓለቕቲ ግዝኣተሕጊ ኢና በሃልቲ ኣመሪካን መሻርኽታን፡ ገበኖም ከዊሎም፡ ግዝኣተ-ጫካ ንምስሳይ ዘንቀልዎ 'ሓባል በልያ ከይትቕድመኪ' ዝዓይነቱ ዘመተ'ዩ ነይሩ። ከም ኣካል ናይዚ ዘመተ'ዚ፡ ንኤርትራ "ግብረ ሽበራ ትድግፍ'ያ" ኢልካ ምኽሳሳ ምእንቲ ክጥዕም፡ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ፈለማ፡ ንኣባላት ኪዳን ጸረሽበራ ዝኾና ሃገራት ምቑጻር ድምጺ ረፈረንዱም ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተሰለፀ ገንዘባዊ ሓገዝ ከይትረክብ፡ ኣብ ሰነ 2001 ካብ መዝገብ ኪዳን ጸረሽበራ ሰሪዙዋ። ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ብወገኑ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕርቦ ዓመታዊ ጸብጻባት፡ ኤርትራ ወትሩ ብኣሉታ ከምእትጥቀስ ክገብር ጸኒሑ። ኣብ 2003 እውን ኮምሽን ኣህጉራዊ ሃይማኖታዊ ናጽነት ኣመሪካ፡ ኣብ ዓመታዊ ጸብጻቡ፡ ንኤርትራ ከም "ገሃሲት ናጽነት ሃይማኖት" ኣስፊሩዋ። ኣብ ለካቲት 2004 ከኣ፡ መንግስቲ ኣመሪካ ብምግሃስ ሃይማኖታዊ መሰል፡ ንኤርትራ ከም "ፍልይቲ ኣስጋኢት ሃገር" ጠቒሱ፡ ኣብ ልዕሊኣ ወተሃደራዊ እገዳ ወሲኑ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ተጻብኦ'ዚ፡ ብ13 ሚያዝያ 2004፡ ኣባላት ማእከላይ ወኪል ስለያ ኣመሪካ፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብምውራር፡ ጠበንጃ ኣቕኒዖም ገንዘብን ሰነዳትን ምዝራፎም ዝርሳዕ ኣይኮነን። ኤርትራ፡ እቲ ተግባር ውዕል ቪየና ብምጥሓስ ዝተኻየደ ዓመጽ ምዃኑ ገሊጻ፡ ንብረት ኤምባሲኣ ክምለሰላ እኳ እንተሓተተት፡ መንግስቲ ኣመሪካ ግን ኣይመለሶን።

ኣብ ነሓሰ 2003 ምምሕዳር ኣመሪካ ኣባልነት ኤርትራ ኣብ ኣጎዋ (ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ኣመሪካን ኣፍሪቃን) ኣብ ርእሲ ምስራዙ፡ ካልእሲ ይትረፍ ኤርትራ ካብቲ ኣመሪካ ኣብ ምክልኻል ሕማም ኣይድስ ክውዕል ንኣፍሪቃ ዝመደበቶ ሰብኣዊ ሓገዝ ከይወሃባ ኣብ 2007 ብወግዒ ምግላጹ ዝፍለጥ እዩ። እንተኾነ፡ ኤርትራ በቲ ኹሉ ምምሕዳር ኣመሪካ ዝገብሮ ዝነበረ ጸቕጢን ምፍርራሕን ካብ ሕጋዊ መርገጺኣ ፈልከት ኣይበለትን። ኣብ መወዳእታ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ንመንግስቲ ጅቡቲ ብምድፍፋእ ክፍብርኾ ዝሃቀነ ዘየለ ዶባዊ ሽግር፡ ከምኡ'ውን ብጉዳይ ሶማል ኣሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝደርደሮ መርትየ ዘይብሉ ክስታትን ዘየቋርጽ ናይ ጸለመ ዘመተታትን ድማ፣ ምስዚ ካብ ሕጊ ንምህዳም ዝግበር ዝነበረ ምዕልባጥ ዝተኣሳሰረ'ዩ። የግዳስ ህዝቢ ኤርትራ፡ እዚ ዝተገልጸን ዘይተገልጸን ብዙሕ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ጸጥታዊን ተጻብኦታት እንተጋጠሞ'ውን ንቕሓቱ ካብ ዓቕሚ ተጻባእቱ ዝበረኸ ብምዃኑ፡ ብቕሉዕ ወራር ይኹን፡ ድሕሪኡ ብዝቐጸለ ዝሑል ተጻብኦ፡ ጀሆ ኣይተታሕዘን። ብኣንጻሩ፡ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ ርእሱ ንምኽኣል ብዘርኣዮ ህርኩትና፡ ኤርትራ ካብ መስርዕ ተመጽወትቲ ወጺኣ፡ ናጽነታን ሓራ ፖለቲካዊ መስመራን ኣውሒሳ ነቲ ከቢድን ነዊሕን ናይ ተጻብኦ እዋን ብጽንዓት ሰጊራቶ። እገዳ - ዓንጸ ዓንጸ ፍሽለት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብይን 1907 ዝተሰምየ ናይ እገዳ ውሳነ ብምሕላፍ፣ ኣብ ታሕሳስ 2011 ነዚ ውሳነ'ዚ ዝድርዕ፡ ብብይን 2023 ዝፍለጥ ተወሳኺ ብይን ምጽዳቑ ይዝከር። እዚ ውሳነታት እዚ፡ መቐጸልታ ናይቲ ኣቐዲሙ ስም ኤርትራ እናተናኸፈ ብሕቡራት ሃገራት ዝወጽእ ዝነበረ ውሳነታት እዩ። ቅድሚ'ዚ ውሳነታት'ዚ፡ ብዝተፈላለየ ኣገባባትን ምኽንያታትን ኣንጻር ኤርትራ ዝተኻየደ ኣጸላሚ ዘመተታት ትሕዝቶኡ ብምንጽጻር፡ እዚ ውሳነታት'ዚ ብልሳን ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ይቃላሕ እምበር፡ መቐጸልታ በይናዊ ተጻብኦ ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ምዃኑ፡ ንጹርን ከደናግር ዘይክእልን'ዩ። ስለምንታይ ግን ክንዲ'ዚ ተጻብኦ? ክሳብ ናጽነት ኤርትራ 1991፡ ንኣስታት ፍርቂ ዘመን ንኤርትራን ህዝባን ግዳይ ዝገበረ ጂኦፖለቲካዊ ስትራተጂ ኣመሪካ ንታሪኽ ገዲፍካ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ምምሕዳራት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተጻባኢ መርገጺ ክሕዙ ዝደረኾም ረቛሒ፡ ድሕሪ ምዝዛም ዝሑል ኲናት ዝሓንጸጽዎ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት እዩ።

እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ንጸሊም ኣፍሪቃ ኣብ 4 ዞባታት ብምጉዝዛይ ጸጥታዊን ቁጠባዊን ረብሓታት ኣመሪካ ንምርግጋጽ ዝሓለነ፡ ንሃገራት ኣፍሪቃ ብኢደ

ኣዙር ናይ ምምሕዳር ስትራተጂ እዩ። ኣመሪካ ኣብ ክንዲ ንኹለን ልኡላውያን ሃገራት ይዕበያ ይንኣሳ ብምዕሩይነት ጠሚታ፡ ምስ ኩለን ዝምድናኣ ንምምዕባል እትብገስ፡ ምስተን ብመለክዒኣ ስትራተጂያውያን ተባሂለን ዝተሓርያ ውሱናት ሃገራት ምትእስሳር ፈጢራ፡ ብመገደን ንካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ክትቈጻጸር እያ መሪጻ። እዚ ስትራተጂ'ዚ ግን፡ ብግብሪ፡ ክሰርሕ ዝኽእል ኣይነበረን። ፍሽለቱን ኣዕናዊ ውጽኢቱን ከኣ ዝያዳ ኹሉ፡ ኣብ ዞባና፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎሊሑ ተራእዩ። ኤርትራ፡ እዚ ኣብ መልሕቓት ዝምርኰስ ስትራተጂ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ፡ ዘይቅኑዕን ንረብሓ ኣመሪካ እውን ዘየገልግልን ምዃኑ ካብ ፈለማ ትግንዘብ እኳ እንተነበረት፡ ኣብተን ቀዳሞት ሸውዓተ ዓመታት ናጽነት፡ ምስቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያ ዝነበረ ድሓን ዝምድና ተኣሳሲሩ ኣብ ርእሲኣ ቀጥታዊ ጽልዋ ኣይነበሮን። ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ድሕሪ ምእዋጁ ግን፡ ኣመሪካ ንወያነ ኩለንተናዊ ዓይነት ደገፍ ብምስናኽ፡ ነቲ ብዓንተቦኡ እውን ዘይተዋሕጠላ ልኡላውነት ኤርትራ ክትቆጺ እያ ኣንቂዳ። የግዳስ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ወያነ፡ ዝሓለኖ ሸቶ ኣይወቐዐን። ብሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕፍር ስዕረት ተጎልቢቡ። ድሕሪኡ፡ ብይን ኮምሽን ዶብ፡ ንኣህጉራዊ ሕጊን መትከላትን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ብዘእቱ መገዲ፡ ትግባረኡ ንምዕንቃፍ ብዙሕ ምትሕልላኻት ተፈጢሩ። የግዳስ በትሪ ሓቂ ክትሰበር ኣይከኣለትን። ቅሉዕ ወራር ካባ ስዕረት ተኸዲኑ፡ ከም ድሌት ምምሕዳር ኣመሪካ እቲ ዝተዋህበ ብይን ክቕየር ኮነ ካብ ትግባረ ክጎናደብ ኣይከኣለን። እዚ እቲ ቀዳማይን ዓቢይን ፍሽለት ኣመሪካን መሻርኽታን እዩ። ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ ብመገዲ ሲ.ኣይ. ኤይ. ውሽጣዊ መሳርዕ ህዝቢ ኤርትራ ንምዝራግ፡ ወፍሪ ብምዕጋት ቁጠባዊ ዕብየት ኤርትራ ንምሕናቕ፡ ፖለቲካዊን ጸጥታዊን ኩነታት ኤርትራ ንምሕማስ ብዙሕ ሽርሒታትን መኸተ ህዝቢ ዘጉድም ሰፊሕ ስነኣእምሮኣዊ ዘመተን እያ ኣካዪዳ። የግዳስ እዚ'ውን ምስ ነዊሕ ፖለቲካዊ ተሞኩሮን ንቕሓትን ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሙ ኣይተዓወተን። በዚ ድማ እቲ ካልኣይ ህዝቢ ኤርትራ ንምንብርካኽ ዝተሃቀነ ውጥን በኺኑ። ኣብ መወዳእታ 2006፡ ወያነ ብባርኾት ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሶማል ወራር ምስ ፈጸመ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝተወስደ ስጉምቲ፡ ኣብ ዞባና ክፈጥሮ ዝኽእል ዕልቕልቕን ዘይምርግጋእን ብምርዳእ፡ ኣትሪሩ'ዩ ተቓዊምዎ። ውሽጣዊ ኩነታት ሶማል ንሶማላውያን ክግደፍ ድማ ተማሕጺኑ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሶማል ይኹን ኣብ ዝኾነት ሃገር ናይ ዞባና ዝፍጠር ጸገማት፡ ዞባዊ ሰላምን ምርግጋእን ብምዝራግ ንረብሓ ኩለን ሃገራት ብኣሉታ ዝጸሉ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ዝኾነት

ሃገር ድማ፡ ትኣምነሉ መርገጺ ክትሕዝ ልኡላዊ መሰላ እዩ። ምምሕዳር ኣመሪካ ግን ነዚ ቅኑዕ መርገጺ ኤርትራ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ኤርትራ፡ ኣቐዲማ ከም ዝኣመተቶ፡ ድሕሪ'ቲ ዝተኻየደ ወራር፡ ኩነታት ሶማል ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ ወዲቑ።

ህዝቢ ሶማል ነቲ ወራር ይኹን፡ ድሕሪ'ቲ ወራር ክልተ ሳዕ ንዝተጠፍጠፉ መሰጋገሪ መንግስታት ስለዘይተቐበሎም፡ ተቓውሞታት ዝያዳ ሰፊሑን ተበራቲዑን። ኣመሪካ መልሕቓ ኣዋፊራ ብዝወሰደቶ ህዉኽን ዘይተጸንዐን ስጉምቲ፡ ምስ ዕሱባታ ኣብ ዘይውጻእ ዓዘቕቲ ዝተናውሐ ኲናት ተሸሚማ። ድሕሪ'ዚ ርኡይ ፍሽለት፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ክውንነት ተቐቢሉ ጌጋኡ ኣብ ክንዲ ምእራም፡ ዓንጸ ዓንጸ ንማዕጸ ከምዝበሃል ፍሽለቱ ንምምኻናይ፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ከም ጠንቂ ናይ ፍሽለቱ ክውንጅሎ መሪጹ። ምስ ጉዳይ ሶማል ተኣሳሲሩ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዚዘነበ ክሲታት እምበኣር ካብ ፍሽለት ናይቲ መአዝኑ ዝሰሓተ ግጉይ ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመሪካ ዝብገስ'ዩ። በዚ ኩነታት'ዚ ኣመሳሚሳ ኣመሪካ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፈቶ ናይ እገዳ ውሳነ ድማ መተንፈስ ጭንቀት እምበር ዝኾነ ርትዓዊ መሰረት ኣይነበሮን። እዚ ዳሕረዋይ ናይ እገዳ ውሳነ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ከምዝሓልፍ ዝተገብረ፡ ውልቃዊ ተጻብኦ ኣመሪካ ከይመስል ተባሂሉ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ክውሰን ዝሓተታ ብቐንዱ ሃገራት ኣፍሪቃ ምኳነን ንምምሳል ድማ ብዙሕ ድራማ ተደሪሱ። እቲ ናይ እገዳ እማመ ብዞባዊ ውድብ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን ናብ ባይቶ ጸጥታ ከምዝቐርብ ተገይሩ። እቲ ክሲታት ግን ዝኾነ ዘእምን ጭብጢን መርትዖን ኣይነበሮን። በዚ ምኽንያት ኣብ ባይቶ ጸጥታ ምስ ቀረበ፡ ተቓውሞን ሕቶታትን ከየልዕል፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ንኣባላት ባይቶ ጸጥታ ከይተረፈ ዘገረመ ሽሕጣንን ናይ ምድንጋር ሜላታትን ክጥቀም ተራእዩ። በቲ ውሳነ ክውቃዕ እተደልየ ቀንዲ ዕላማታት ኣብዚ ዝስዕብ ነጥቢታት ክጽሞቑ ይከኣል። ነቲ ብቕኑዕ መርገጺኡ፡ ንግጉይ ፖሊሲታት ምምሕዳር ኣመሪካ ዝበድህ መንግስቲ ኤርትራን መራሒኡን፡ ምስሉ ደዊንካ፡ ካብ ህዝቡ ምንጻል፣ ንኤርትራ ከም በጋሚንዶ ወይ ፋሉል ሃገር ኣቕሪብካ፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ብምንጻል ቁጠባዊ ልምዓታ ምሕናቕ፣ በዚ መገዲ'ዚ ድማ ነቲ ወተሃደራዊን ሕጋዊን መኸተኡ ዘይተጻዕደ ህዝቢ ኤርትራ ብድኽነት ምቕጻዕ'ዩ። ይኹን'ምበር እዚ ናይ ቅብጸት ስጉምቲ'ዚ እውን እንተኾነ፡ ነቲ ክውቃዕ ዝተደልየ ዕላማ ኣየገልገለን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊኡ ብዝተወሰነ እገዳ፡ ተጨኒቑ ኣይተንበርከኸን።